# ቻርተር ዓሚል

October 2011

Client Charter - Tigrinya

ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ንኣብ ስኮትላንድ ዝቕመጡ ሓተቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ንኹሉ ማዕረ ዝኾነ ምኽሪ፣ ሓገዝን ድጋፍን ዝህብ ገባር ሰናይ ማሕበር እዩ። ርእሰና ዝኽኣልና ማሕበር ኢና።

**ነዞም ስዒቦም ዝተገልጹ ነገራት ናይ ምርካብ መሰል ኣሎኩም፥**

1 ናጻን ምስጢሩ ዝተዓቀበን ኣገልግሎት፣

2 ናይ ናጻ ስልኪ ብምድዋል ዝርከብ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎታትና፣

3 ንኹሉ ማዕረ ዝኾነ ምኽርን ሓበሬታን፣

4 ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ ፖሊሲ መንግስቲ ዓዲ እንግሊዝን ስኮትላንድን ዝግበር ለውጢ፣

5 ምስ ዘድሊ ድማ ናይ አስተርጎምቲ ናይ ምቕራብ ኣገልግሎት፣

6 ወዲ ተባዒታይ ወይ ጓል ኣንስተይቲ ናይ ጉዳይ ሰራሕተኛ ወይ ኣስተርጎምቲ ምስ እትጠልቡ፡ ንጠለባትኩም ንምምላእ ክንፍትን ኢና፣

7 እቲ ዝግባእ ኣገልግሎት እንተደኣ ዘየቕረብናልኩም ጥርዓን ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም።

**እንህቦ ኣገልግሎት ውሱን እዩ፥**

1 ሰኑይ፣ ሰሉስ፣ ሓሙስ፣ ከምእውን ዓርቢ ናይ ንግሆ ካብ ሰዓት 9:30 - 12:30 ብዘይ ቆጸራ ምኽሪ ንህብ።
ሰኑስ፣ ሰሉስ፣ ረቡዕ፣ ከምእውን ዓርቢ ናይ ድሕሪ ቀትሪ ካብ ሰዓት 14:00 - 16:00 ቆጸራ ብምሓዝ ምኽሪ ንብህ

2 ደቕኹም ክንሕዘልኩም ኣይንኽእልን ኢና።

3 ኣብ ገዛኹም ብምምጻእ ከነገልግሎኩም ኣይንኽእልን ኢና።

4 ዝተፈላለዩ ኣማራጺታት ክንህበኩም ንኽእል ኢና እንተኾነ ግና ባዕልና ኣብ ግብሪ ከነውዕለልኩም ኣይንኽእልን ኢና። ዓላማና ነገራት ባዕልኹም ምግባር ንኽትክእሉ ምሕጋዝ እዩ።

**ኩሎም ናይ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ ናይ ጉዳይ ሰራሕተኛታት፥**

1 ሰዓቶም የኽብሩ – እንተደኣ ሰዓትና ዘየኽበርና፡ ክንሕብረኩም ኢና፤ እንተኾነ ግና ናይ ካልኦት ጉዳያት ምስጢር ንምዕቃብ ተባሂሉ ምኽንያት መደንገይና ኣይንገልጸልኩምን ኢና፣

2 ተሌፎን ምስዝድወለልና፡ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት መሊስና ንድውለሎም (ብዘካ ኣብ ቀዳመ ሰንበትን ህዝባዊ በዓላትን)፣ ከምእውን

3 እቲ ኣቐዲሙ ዝተታሕዘ ቆጸራ ክሰረዝ እንተደኣ ኣድልዩ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ካልእ ቆጸራ ንገብር።

**በቲ እንህቦ ኣገልግሎታት ሕጉሳት እንተደኣ ዘይኮንኩም፥**

4 ነቶም ኣማኸርቲ ንምውካስ ብዛዕባ እቲ ሽግር ተዘራረቡ

5 እንተደኣ ደሊኹም ድማ ነቲ ዘተሓሳሰበኩም ጉዳይ ምስ ነባር ኣባል ሰራሕተኛና ተዘራረብሉ

**ድሕሪዚ እውን ገና ሕጉሳት እንተደኣ ዘይኮንኩም፥**

ነቲ ናይ ጥርዓን መቕረቢ ኣሰራርሓ ንምጥቃም ሕተቱ።ከምእውን ናብቲ ቤት ጽሕፈት ኢሚግረሽን ኮሚሽነር (OISC) ጥርዓን ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም፡ http://www.oisc.gov.uk/



Scottish Refugee Council, 5 Cadogan Square, (170 Blythswood Court), Glasgow G2 7PH Tel: 0141 248 9799, Fax: 0141 243 2499,
www.scottishrefugeecouncil.org.uk

Scottish Refugee Council is a charity registered in Scotland.
Registered Charity: SC008639